

# እታ ሴፍ ንኽልቴና እያ !

ኣብይ ኣሕመድን ኢሳያስን ፥ክልተ ዝኣፉ ሴፍ ፥ኣልዒሎም ኣለዉ። ንሱ ድማ ገበን ንምፍጻም ኣብ ልዕሊ ህዘቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን እዩ ። በቲ ሓደ ወገኑ ጎዲም በቲ ሓደ ወገኑ ድማ በሊሕ ሴፍ እዩ፡፡ ዘዕበኻዮ ከልቢ ኣይንከስካ ከምዝብሃል፡ እታ ጎዳም ንህዝቢ ትግራይ ተሰንዚራ ኣላ። ንኤርትራ ኣበዚ እዋን እዚ ይጨናግፈና ጥራይ እዩ ዘሎ ። እታ በላሕ ወገን ሴፍ ግን ነሸርሒ ልዕላዉነት ኤርተራ ዝደፍር ኣጀንዳ እያ ተዓቒራ ዘላ። እቲ ዕላማ ድማ ገመል ሰሪቕካ ጉምብሕ ጉምብሕ ፡ ስለ ዝኾነ ምስጢር ዘይብሉ ሓቂ እዩ።

<u>እዞም ውልቀ መለኽቲ ክነግሩናን ፡ ከስሙዑናን ጸኒሖም እዮም ።</u>

ንአብነት ፡

<u>ኣብይ ኣሕመድ</u> ፡ ጨለ መዳሪ ለመጭ መደናገሪ "በአሰብ ላይ እንደመራለን ከኢሱ ጋር "

<u>ኢሳያሰ ኣፎርቒ</u> ፡ እቲ ከም ድላዩ ገሩ ዝጭፍልቖ ህዝቢ እንተደልዩ ይህቦ እንተ ደልዩ የዋግኦ ፡ " ደ/ር ኣብይ ክትመርሓና ወኪለካ ኣለኹ"

<u>ኢሳያስአ ፎርቂ</u> ፡ " ምረጫ ክግበር የበሉን ኣብ ኢትዮጲያ ፡ ምእንቲ ውዕል ሰላም ባይታ ክፈጥር " ( እቲ ሽርሒ ተታሒዙ ዘሎ ክዕወት ምእንቲ ማለቱ እዩ)

<u>ትኣምራት ነገራ ጋዜጠኛ</u> ፡ " ኢሳያሰ ብዓል ውዕለትና ኢዩ ፡ ክምኅሰ ይግባእ ንኤርተራ ሓንቲ ድኽመቲ ሃገር ስለ ዝገበራ፡፡ ንኤርትራ ንመቁጽጻር ሞዎጽ እንዳመወጽና ኢና ንአስመራ ንኣቱ" ሕልምታቱ ትጽቢት ካብ ኣብይ፡ ብጋህዲ ክናዘዝ ከሎ ወ.ዘ.ተ. ። እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ይኹን ንህዘቢ ትግራይ በሩህ ከም ጽሓይ ቀትሪ እዩ። ዕላምኦም ከዐዉቱ ግን ኣብ ትግራይ ዝተንበርከኸ ክልላዊ መንግስቲ ፡ ንኣቢ ኣሕምድ ዘገልግል ስርዓት ምትካል ኣገዳሲ ኮይኑ ረኺበሞ ፡፡ ነዛ ሓጹር ክሰግሩዋ ስለ ዘይክኣሉ ድማ ኩናት መሪጾም ። ውግእ ኣብ ትገራይ ውጽኢቱ ዕንወት እዩ። ዝሰዓረ ይኸስር ዝተሳዕረ ይኽስር ኣብ ዓቕን ጥራይ እዩ ዝፈላለ። መፍትሒኡ ድማ እንኮ ሰላማዊ ዘተ እዩ ። ኣይፋልናን ንብርሰት ናይዚ ክልተ ህዝቢ ተላዒልና ኢና ኢሎም ካብ ሓንገዱ ግን ፥ነዛ ሴፍ ንጥፋአት ህዘቢ ኤርተራን ህዘቢ ትግራይን ተበጊሳ ዘላ ፡ <u>ለዓታ</u> ኣብ ትግራይ ክትሰበር ኣለዋ። ክልቲኡ ህዘቢ ፥ነቲ ናይ ቅደሚ ሕጂ ጉድለታት ከኽዉን ነይሩዎ ዝብል ትንተናታት ንጎድኒ ገዲፍና፡ ህጹጽ ናይ ሞትን ህይወትን ናይ ከልቲኡ ህዘቢ ስለ ዘኾነ ምምካቱ እዋኑ ሕጂ ,ዩ ። ብፍላይ ድማ ኤርተራውያን ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትገራይ ደዉ ከንበል ይግባእ። እቲምንታይ ንድሕነትና ። እቶም ዜጋታትና ምሰ ጦርሰራዊት ወጊንኩም ዘለኹም ካበቲ ናይ ጥፍኣት ሰልሚ ወጺእኩም ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ደዉ ክትብሉ መድረኽ ይጽዉዓኩም ኣሎ ። ኩሉ ዓቕምታትና ኣንጻር ህግደፍን ኣብይ ምስ ጦርሰራዊቱን ዘተኰረ ክኸውን ይግባእ ። ጦር ሰራዊት ካብ ኤርተራ ዉጹለና ዝበል ሰላማዊ ሰልፊ ክንገብርዉን እዋኑ ሎሚ ,ዩ ። ንሰራዊት ኤርተራ ንጣብ ደም ኣብዚ ሩኹስ ዕላማ ከየፍሰሰ እምቢ ንኹናት ክብል በቢወገንና መጸዋዕታ ነቕረብ። ዝኽሪ ነሰማእታት ዉደቀት ንዓመጽ !!!

ዑ/ሚካኤል ተ/ፋጽዮን ሽወደን